

## መልእኽቲ ካብ ሽማግለ መኸተ ኣትላንታ



*ዕለት*: *ሚያዝያ* 24, 2012

**ኩሉኹም ኤርትራውያን ኩቡራt ተቐማጦ ኣትላንታን ከባቢኣን**

**ጉዳይ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ኣብ ጆርጂያ**

**መጀመሪያ ሰላምታና ተቐበሉ:**

**ቀጺልና ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ብዝተዘርገሐ ፖስተራትን ፍላየራትን: ብኣቶ የማነ ኪዳነ እትምራሕ ህቡባት ሃገራውያን ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ዝሓዘት ባንድ ተሰንዩ ናይ ምምራቕ ኮሚኒቲ ሰንተር ናይ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ኣብ ጆርጂያ ዝብል መደብ ተዳልዩ ከምዘሎ ተዓዚብና ኣሎና:: ከም ኣካየድቲ ሽማግለ መኸተ ኣትላንታ ድማ እዚ ተዳልዩ ዘሎ መደብ (ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ) ንህዝቢ ኣትላንታ ተወሳኺ ምክፍፋል ከምጻሉ ከምዝኾነ መጠን: እንታይነት ናይዞም ብሽም ኮሚኒቲ ጉልባብ ተጠቂሞም ፖለቲካዊ ኣጀንዶኦም ኣንጻር መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘስፋሕፍሑ ዘለዉ ኣማሓደርቲ ናይቲ ማሕበረኮም ክንሕብረኩም ጉቡእናን ሓላፍነትናን ስለዝኾነ: ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ንኩሉኹም ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣትላንታን ከባቢኣን ከነማሓላልፍ ንደሊ::**

(ሀ)
**ንምኳኑ እዞም ማሕበረ-ኮም/**COMMUNITY/**ኣብ ኣትላንታ ክንምስርት ኢና ዝብሉ ዘለዉ ውልቀ ሰባት ኣብዚ መስሪትናዮ ዝብልዎ ዘለዉ ማሕበር ቀንዲ ላዕለዎት ቀለስቲ/መራሕቲ/ ብዓልመንዮም? ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ** 20 **ዓመታት ነቲ ካብቲ እዋንቲ ኣትሒዙ ሰለይ ክብል ዝጸንሐ ማሕበረ-ኮም እንታይ ኢድ ነይርዎም? ኣበርክቶኦም እንታይ ነይሩ? ዝብል ሕቶ ንምምላስ ኣስማቶም ምጥቃስ ኣገዳሲ ስለዝኾነ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።**

1) <u>**ኣዜብ ሃብተማርያም (ተሓዚት ገንዘብ)**</u> ➔ **ኣብ ታሪኽ ማሕበረ-ኮም ተሳቲፋን ኣባል ኮይናውን ኣይትፈልጥን። ኣብ ዝሓለፍ ዓመት** 2008 **ኣብ ጽርግያታት ዋሽንግቶን ዲሲ ወጺኣ መንግስቲ ኤርትራ ንዓለማዊ ግብረሽበራውያን ስለዝሕግዝ ሃገርና ኣብ መዝገብ ግብረሽበራ ኣእትውዋ ኢላ ዝጨደረትን: ብተወሳኺ ድማ ነቲ ቡዙሕ ደም ዝፈሰሰሉን ጀጋኑ ኤርትራውያን ሂወቶም ከፊሎም ዘምጽዎ ናጽነት ሃገርና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘውዕል ብምምሕዳር ወያነ ዝተመወለ ጉባኤ ናይ ተቓወምቲ ጉጅለታት ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ዝተሳተፈት ውልቀ-ሰብያ።**

2) <u>**ኤልሳ መስፍን (ኣደ መንበር)**</u> ➔ **ኣብቲ** 1998 **ዓ.ም ዝተገብረ ሓደስቲ ኣካየድቲ ሽማግለ ምምራጽ ኣካያዲት ሽማግለ ኮይና ንኽትመርሕ ኣብዝተገብረ ጉባኤ ተመሪጻ ወርሒ ኣብዘይመልእ ብፍቓዳ ንዝተዋህባ ህዝባዊ ኣገልግሎት ሓላፍነት ሓዲጋ ከም ተራ ኣባልውን ነቲ ሽዑ ከገልግል ብህዝቢ ዝተመርጸ ሽማግለውን ነቲ**

ሒዛቶ ዝጸንሐት ናይ ጸሓፊ ሓላፍነታውን ብግቡእ ኣየረከበትን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ምስቶም ፖለቲካዊ ኣጀንዶኦም ኣንጻር መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከስፋሕፍሑ ዝህቅኑ ውልቀሰባት ተሻሪኻ ኣብ መሪሕነት እዚ ማሕበረኮም'ዚ ብምእታዋ ዘለዋ ብቕዕዓትን መንፈስ ናይ ምሕያል ሓድነት ህዝብን ኣብ ዓብዩ ሕቶ ክኣቱ ዘሎዎ እዩ::

3) <u>ትእዛዝ ወልዱ (ጸሓፊ)</u> ➔ ኣብ ታሪኽ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣትላንታ ኣባል ኮይኑውን ኣይፈልጥን።

እዞም ውልቀ-ሰባት'ዚኦምን እቶም ነዚ ምትእኽኻብ'ዚ ከዐውቱ ብድሕሪት ኮይኖም ዝኣልይዎን ብሓሳባዊ መደብ ዝምውልዎን ውልቀ-ሰባት ፖለቲካዊ ትሕተ ባይትኦምን ውልቃዊ ባህርያቶምን ብንጹር ከነለልዮም ናትና ናይቶም እዚ ምትእኽኻብዚ ንረብሓ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ዝቕመ ኣይኮነን ንብልዩ።

(ለ)
ብመንግስቲ ደረጃ ተመዊሉ ብሕጊ ተቐዲዱ ብወከልቲ ካብ ኩለን ማሕበራት ዝተመስረተ ሃገራዊ ሽማግለ በዓላት እንዳሃለወ ከሎ ድማ: እዚ ማሕበረኮም'ዚ ሕጊ ጥሒሱ ንህዝቢ ብዘደናግር መልክዕ ንሃገራውያን በዓላትና ከብዕል ጸኒሑን ኣሎን:: ኣካየድቲ እዚ ማሕበረኮም'ዚ ንመዓልቲ ናጽነት 2009 ንድምጻውያን ሙሉጌታ በይንን ኣኽሊሉ ፎቶን: ብኤምባሲ ተፈላጥነት ዘላና ኮም ንሕና ጥራይ ኢና ኢሎም ብምድንጋር ከጻውቶም ፈቲኖም: ሳዕቤኑ ድማ ፍልልይን ዘይምርድዳእን ኣብ ህዝቢ ኣስዒቡ:: ነቲ ብቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ዝተጻሕፈሎም: ንህዚቢ ዝኽፋፍል ስራሕ ደው ኣቢልኩም ሓቢርኩም ስርሑ ንዝብል መልእኽቲ ድማ ምሉእ ብምሉእ ነጺጎም ነቲ ደብዳቤ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ዘርጊሖሞ::

ቀንዲ ዕላማና ሓድነት ህዝቢ ከይህሰ ስለዝኾነ፡ ሕጂ እቲ ሕቡእ ኣጀንዳ ናይ ዉሑዳት ብኮሚኒቲ ኣምሲልካ ንህዝቢ ምክፋፋል ዝዓለመ ብምኳኑ: ህዝቢ ኣትላንታ ነዚ ምንቅስቓስ እዚ ከምዘይቅበሎን ከምዘይውክሎን እንዳፈለጥና ሕጂ'ውን ከም ኩሉ ዝሓለፈ ብድሆታት ኣትሪሩ ክምክቶን ክኹንኖን ነዘኻኽር::
ሽማግለ መኸተ ኣትላንታ ድማ ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ንህዝብ ኣኼባ ክጽውዕ ምኻኑ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክንሕብር ንፈቱ::

ዓወት ንሓፋሽ
ሽማግለ መኸተ ኣትላንታ

ቅዳሕ፡- ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያትኤምባሲ ኤርትራ